

# ኣብ ቤት መጽሓፍቲ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም።

ሰብ ካብ ቓላት ምርዳእ ክምሃር ይኽእል እዩ።
ሰብ ብቓላት ምግላጽ ክምሃር ይኽእል እዩ።
ቓላት ብሓንሳብ ክንነብር ይሕግዙና እዮም።

ቤንክት-ኤሪክ ሄዲን

ሓደ ቈልዓ ካብ መፈለምታ ህይወተ ጀሚሩ ጽውጽዋያትን ዛንታታን እንዳ ሰምዔ ምስ ዝዓቢ ሓደ ምዕቡል ቋንቋ ከጥሪ ይኽእል። ንቈልዓ ዓው ኢልካ ምንባብ ንስእላዊ ዓለም ቈልዑት ብጽቡቕ ኣገባብ ምምዕባል ማለት እዩ።

ንውላድካ ምስማዕን ምስኡ ምዝርራብን ንዓቕሚ ቋንቁኡ ከማዕብል ይሕግዝ። ኩሉ ምስ ደቕኹም ሓቢርኩም ትገብርዎ ንዓቕሚ ቋንቀኦም ከማዕብሉ ይሕግዞም። ምስ ውላድካ ኣንብብ፣ ዘምር፣ ኣዘንቱ፣ ግለጽ፣ ተጻወት! መሰረት ቋንቋ ኣብ መፈለምታ ስለ ዝስረት ነዚ ሓላፍነት እዚ ቀልጢፍካ ጀምሮ።

ንውላድካ ብቋንቁኡ ኣዛርቦ። ቈልዓ ሃብታም ቀዳማይ ቋንቋ ምስ ዘጥሪ ካልኦት ቋንቋታት ክምሃር ኣየጸግሞን እዩ።

ኣብ ኣባይቲ መጽሓፍቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዕድመ ንዝርከቡ ቈልዑት ዝተዘጋጀዉ መጽሓፍቲ ይርከቡ። ንሳቶም ድማ ንህጻውንቲ ዝኾኑ መጽሓፍትን ብኣጻብዕ ኣመልካቲቶ ዝግለጹን መጽሓፍቲ ስእልታትን ብግጥሚ ዝግለጹን መጽሓፍቲ ሓበሬታታትን መጽሓፍቲ ዛንታታትን ጽውጽዋያትን እዮም።

ኣብ ኣባይቲ መጽሓፍቲ ንኹሎም ዕድሜታት ዝጠቕሙ ብብዙሓት ቋንቋታ ዝተዘጋጀዉ መጽሓፍቲ ኣለዉ።
ነቶም እትደልዮም መጽሓፍቲ ክትረክብ ክንሕግዘካ ቅሩባት ኢና
መጽሓፍቲ ኽትልቃሕ ገንዘብ ኣየድልየካን እዩ!

ኣባይቲ መጽሓፍቲ ንዓበይቲ ዝተዘጋጀዉ ብዛዕባ ሕማም ቈልዑትን ስነ ኣእምሮ ቈልዑትን ኣተዓባብያ ቈልዑትን ወዘተ ይርከብዎ። ቤት መጽሓፍቲ ንቈልዑትን ዓበይትን ዝኾኑ ብብዙሓት ቋንቋታት ዝተጻሕፉ መጽሓፍቲ ይርከብዎ።

ብደሓን መጻእኩም!






ILLUSTRATIONER: MARGARETA NORDQVIST

Länsbiblioteken i samarbete med Internationella biblioteket i Stockholm.

Tigrinska